# Sigillum Dei Vivi

## ማሕተም ናይ’ቲ ለጋስ ኣምላኽ

እዛ ፍልይቲ ጸሎት ካብ ኣምላኽ ኣቦ፣ ንነቢዩት ማርያ መለኮታዊ ምሕረት ስለ ዑቕባ ኹሎም ደቂ ኣምላኽ ዝተዋህበት ህያብ ኢያ። መበል 351 መልእኽቲ ኮይና ብዕለት 20 ለካቲት 2012 ዝተቐበለቶ ኢዩ።




ነዛ ማሕተም ዝተቐበለ ነፍሲ-ወከፍ ሰብን ቤተሰቡን ክሳብ ካልኣይ ምጽኣተ-ክርስቶስ ንዘሎ ግዜ ዑቕባ ይዋሃቦ ኣሎ።

ሕጂ ተንስእ እሞ ማሕተመይ፣ ማሕተም ህያው ኣምላኽ ተቐበል። ንጸሎት ገድሊ (33) እንዳደገምካ ንማሕተመይ ኣፍልጦ ብምሃብ ብፍቕሪ፣ ሓጎስን ምስጋናን ተቐበሎ።

ኣ ኣምላኼ፣ ፈቃር ኣቦይ፣ ንመለኮታዊ ማሕተም ዑቕባኻ ብፍቕሪን ምስጋናን እቕበሎ ኣለኹ። መለኮትነትካ ንኣካለይን ነፍሰይን ንዘልኣለም ኣካቲቱ ይነብር። ብትሕትና ፍግም ኢለ እንዳኣመስገንኩ ጥሉቕ ፍቕረይን ተኣማንነተይን ንዓኻ ንፍቑር ኣቦይ የወፊ። ንዓይን ንፍቱዋተይን በዚ ፍሉይ ማሕተምካ ኣማዕቊበና እሞ ንዘንትእለት ዓለም ሂወተይ ከገልግለካ ይመባጻዕ ኣለኹ። ክቡር ኣቦየ፣ ኤፍቅረካየ። ኣብዚ ወቕቲ’ዚ ኤጸናናዓካ ኣለኹ ክቡር ኣቦየ። ናይ’ቲ ኣዕዚዝካ እተፍቅሮ ወድኻ ስጋኡን፣ ደሙን መንፈሱን መለኮትነቱን ከም ዋጋ ዕዳ እዛ ሓጥእ ዓለምን ድሕነት ኩሎም ደቅኻን እውፍየልካ ኣለኹ። ኣሜን!

ደቀየ፣ ኪዱ’ሞ ኣይትፍርሑ። ብኣይ በቲ ብፍቕሪ ንነፍሲ-ወከፍኩም ዝፈጠረኩም ፍቑር ኣቦኹም እመኑ። ናይ ኩላትኩም ነፍሲ እፈልጦ ኢየ፣ ኩሉ ክፋል ፍጥረትኩም ኣዳቒቀ እፈልጦ ኢየ። ሓዴኹም ትሕቲ ካልእኩም እትፍቀሩ ኣይኮንኩምን። ስለ’ዚ ድማ ዝኾነት ነፍሲ ክትጠፍኣኒ ኣይደልን ኢየ። ወላ እንኮ ትኹን። መዓልታዊ ብመቑጸርያ መለኮታዊ ምሕረተይ ከየባተኽኩም ጸሎት ግበሩ። ሓደ መዓልቲ እዚ ምንጻህ ንምንታይ ከምዘድሊ ክትርድኡዎ ኢኹም።

ኣብ ሰማያት ዘሎ ፈቃር ኣቦኹም፣

## ልዑል ኣምላኽ